**ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ ፡ San Jose California**



# ባንደራ

ራኣዩዋ'ሞ እዛ ባንደራ፣
ኣርባዕተ ዉቁባት ዝሕብራ፣
ኣብ በሪኽ ቦታ ተሰቒላ፣
ተንበልብል ወኪላ ንኤርትራ።

ሰማያዊ ሓባሪ ባሕርና፣
ቀይሕ መስዋእቲ ጀጋኑና፣
ቀጠልያ ልምዓት ግስጋሰና፣
ብጫ ውጺኢት ፍረ ጻማና።

ንሳ ምልክት ኣርማና፣
ትነግር ሃገር ክምዘለና፣
ንኾርዕ ንዓኣ ሒዝና፣
ክዳን ሃገር ጽላል ኩልና።

ትነብር ምስ ኩሉ ብፍቕሪ፣
ትነግድ ደቃ ዘለዉ ስግር ባሕሪ፣
ተማእዝን ንኹሉ ተማዓራሪ፣
ውጺኢት እንድያ ናይቶም ሰብ ሕድሪ።

ትናፈቕ ከም ወላዲ ንዉሉዱ፣
ኣብ ዓዲ ይኹን ዝተሰዱ፣
ባኣኺ ይዝምሩ ኣብ ዝኸዱ እንተኸዱ፣
መብጽዓኦም የሔድሱ በጃኣ ንዝኸዱ።

ንዓኺ ዝጻረር ከይትኾኒ ላዕሊ፣
ታሪኽ ዝኸሓደ ታሪኽ ናይትማሊ፣
ታሪኽ እቶም ጀጋኒ ተበጂዉ ንኽብሪ፣
ጥቕሚ የብሉን ኣብ ሃገራዊ ፍቕሪ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።